ድሕንነት ህጻናት ቀጻሊ ክንክን ህጻናት (CWCCC)
ብተደጋጋሚ ዝሕተተ ሕቶ ንወለድን ሓለውትን



Child Welfare Continuing Child Care (ድሕንነት ህጻናት ቀጻሊ ክንክን ህጻናት፣ CWCCC) እንታይ እዩ?

CWCCC ብመንገዲ መደብ Washington's Working Connections Child Care (ክንክን ህጻናት ናይ ስራሕ ርክብ Washington) ዝካየድ መደብ ድጎማ ክንክን ህጻናት እዩ። CWCCC ን12 ኣዋርሕ ናይ ህጻናት ክንክን ይህብ። ወለዲ ወይ ሓለውቲ ኣብ "ቅቡል ንጥፈት" ክሳተፉ ኣየድልዮምን ከምኡ'ውን ዝኾነ ዓይነት ናይ እቶት ረቐሒታት ክማልኡ ኣየድልዮምን እዩ። ን12 ኣዋርሕ ወርሓዊ ናይ ሓባር ክፍሊት የለን።

CWCCC ብኸመይ ክረክብ እኽእል?

ሰራሕተኛ ጉዳይኩም ነቲ ሪፈራል ንምግባር ፍቓድኩም ክረክብ እዩ። እቲ ሰራሕተኛ ጉዳይኩም ነቲ ሪፈራል ምስ ሰደደ፣ ነቲ ሪፈራል ናብ **ናይ ስራሕ ርክባት ብስልኪ 1-844-626-8687 ብምድዋል ክትመልእዎ ኣለኩም**። እቲ ናይ 12 ኣዋርሕ ናይ ክንክን ህጻናት ግዜ ካብቲ ነቲ ሕቶኹም ዘቕረብኩምሉ ዕለት እዩ ዝጅምር።

ውላደይ ናይ ህጻናት ክንክን ቅድሚ ምጅማሮም ናብ ናይ ስራሕ ርክባት እንተ ዘይድኣ ደዊለ እንታይ እዩ ዝኾውን?

ነቲ ናይ ወሃብቲ ክንክን ህጻናት ክፍሊት፣ ነቲ ናይ ክንክን ህጻናት ሪፈራል ምስ መላእክሞ እዩ ዝጅምር። CWCCC ቅድሚ እቲ ሪፈራል ምምላእኹም ንክንክን ህጻናት ክኸፍል ኣይክእልን እዩ። ሪፈራልኩም ንምምላእ ናብ ናይ ስራሕ ርክባት እንተዘይደዊልኩም፣ ውላድኩም ድማ ኣብ ናይ ክንክን ህጻናት እንተድኣ ኣትዮም፣ ነቲ ኣብኡ ዝጸንሕሉ ግዜ ክትከፍሉ ኣለኩም።

እቲ ናይ ጉዳያት ሰራሕተኛይ ናብ CWCCC ሪፈራል ገይሩ ነይሩ ይኹን እምበር ኣብቲ እዋን ግን ክንክን ህጻናት ኣየድልየንን ወይ ኣብ ናይ ምጽባይ ዝርዝር ኣይነበርኩን፤ ይኹን እምበር፣ ሕጂ ክጅምር ድልው እየ። እንታይ ክገብር ኣለኒ?

ነቲ ናይ CWCCC ሪፈራል ንምምላእ ካብ'ቲ ጉዳይኩም ዝተዓጽወሉ እዋን ጀሚሩ ሸዱሸተ ኣዋርሕ ኣለኩም። ካብ ሸዱሸተ ኣዋርሕ ንላዕሊ እንተኾይኑ፣ ደጊም ኣብ CWCCC ብቕዕ ኣይኮንኩምን፣ ግን ኣብ ካልእ ፕሮግራም ብቕዕ ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም። ንምፍላጥ፣ ናብ ናይ ስራሕ ርክባት ኣብ 1-844-626-8687 ደውሉ።

እንታይ ዓይነት ክንክን ህጻናት እዩ ዝፍቀድ?

ኣብ Washington ወይ ኣብ ዶባት ከተማታት ኣብ Idaho ወይ Oregon ዝርከቡ ፍቓድ ዘለዎም ማእከል ክንክን ህጻናት ወይ ፍቓድ ዘለዎም ናይ ስድራ ቤት ገዛውቲ ንናይ ደገፍ ክፍሊት ዝኽፍሉ እዮም። Family፣ Friends፣ and Neighbor Care (ክንክን ስድራቤት፣ ኣዕሩኽትን ጎረባብትን፣ FFN) ን CWCCC ብቕዕ ኣይኮነን፤ እንተኾነ ግን ናብ ናይ ስራሕ ርክባት ብ 1-844-626-8687 ብምድዋል ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ።

ድሕሪ 12 ኣዋርሕ ክንክን ህጻናት እንተድኣ ዘድልየኒ ኮይኑ እንታይ ይፍጠር?

ካብ ናይ ስራሕ ርክባት ዳግማይ ንክተመልክቱ ዝሓትት ደብዳበ ክትቅበሉ ኢኹም። ሓበሬታ ክትህቡ ክትሕተቱ ኢኹም ከምኡ'ውን ካልእ መደብ ክትቅበሉ ትኽእሉ እንተድኣ ኮይንኩም ንምውሳን ክትግምገሙ ኢኹም። ብዛዕባ እዞም ረቐሒታት ዝያዳ ንምፍላጥ፣ ናብ **www.dcyf.wa.gov/services/earlylearning-childcare/getting-help/wccc** ኪዱ።

ካብ ስርዓት ድሕንነት ህጻን ምስ ሓደ ህጻን ሓላውነትት የዕቢ/ይምስርት እፈጥር ኣለኹ። ብቕዕ ድየ?

ናይ CWCCC ፕሮግራም ናይ DCYF ናይ ቆልዓ ድሕንነት ጉዳይ ንዘለዎም ወለዲ ወይ ሓለውቲ ጥራሕ እዩ። ንካልእ ናይ ክንክን ህጻናት ሓገዝ ብቕዕ ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም። ብኽብረትኩም ምስ ሰራሕተኛ ጉዳይኩም ብዛዕባ ክህልዉ ዝኽእሉ ምንጪታት ተዘራርቡ።

DCYF ዓሌት፣ ሕብሪ፣ ጾታ፣ ሃይማኖት፣ እምነት፣ ኩነታት ሓዳር፣ ሃገራዊ መበቆል፣ ጾታዊ ዝንባለ፣ ዕድመ፣ ኩነታት ገዲም ተጋደልቲ፣ ወይ ህላው ዝኾነ ኣካላዊ፣ ህዋሳዊ፣ ወይ ናይ ኣእምሮ ሰንክልና ብዘይምግዳስ ንኹሎም ሰባት ኣድልዎ ኣይገብርን ከምኡውን ኣብ ፕሮግራሙን ኣገልግሎታቱን ማዕረ ተበጻሕነት ይህብ።

*ናይዚ ጽሑፍ ብነጻ ቅዳሓት ብኻልእ ቅርጺ ወይ ቋንቋ እንተ ደሊኹም፣ ብኽብረትኩም ምስ DCYF ርክባት ምስ ህዝቢ ኣብ 1-800-723-4831 ወይ ድማ ብኢመይል **communications@dcyf.wa.gov** ርክብ ግበሩ።*

DCYF PUBLICATION CWP_0066 TI (06-2023) Tigrigna

Washington State Department of
CHILDREN, YOUTH & FAMILIES